ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ዓዲጉዶም ኣብ 2012 ዓ/ም ንምምሃር ምስትምሃር ግልጋሎት ዝዉዕሉ ፣ መሳርሒ ህንፃ ፣ ኣቁሑት ኣይሲቲ ፣ መኪና መፀገኒ ጉልበት፣ ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ክገዝእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥሪ 4, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 13, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዓዲ ጉዶም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 13, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ ኣቁሑትን/ ፅገና ሞተርሳይክል/

1 ናይ 2011/12 ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደስኩም ናይዚ ዘበን ግብሪ ዝከፈልኩም፤

2 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጊብቲ ዝኮንኩም፤

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለዩ ቁፅሪ ዘለኩም፤

5 ዝተሓደሰ መቅረባይነት ሰርትፍኬት ናይ 2012 ዓ/ም ክተቅርቡ እትክእሉ፤

6 ኩሉ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ሸም : ፊርማ : ማሕተም ብምግባር ከቅርብ ዝክእል፤

7 መክበሪ ጨረታ 3000 ሸሕ ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዝብ ከትሕዝ ዝክእል፤

8 ናይ ወርሒ ሕዳር 2012 ዓ/ም ሒሳብ ዘቅርብለኩም መረዳእታ ክተቅረቡ ትክእሉ፤

9 ሰዓራይ ኣካል ጨረታ ካብ ዝሰዓረሉ ዕለተ ጀሚሩ ኣብ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልትታት ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል፤

10 ሰዓራይ ኣካል ኣብቲ ዝሰዓሮ 20% ሚኢታዊ እቲ ኮሌጅ ምዉሳክ ወይድማ ምቅናስ ዝክል ይከዉን፤

11 ኣብ ዝወፀ ጨረታ ሰነድ ወይ መምርሒ ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዎ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከምዘግብር ምካኑ፤

12 ሰነድ ጨረታ ን 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ዓዲ ጉዶም ሰነድ ጨረታ ምልክታ ካብ 27/04/2012 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 13/05/2012 ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቁፀሪ 8 ኬዝ ቲም ምዉሳድ ትክእሉ፤

13 ብተወሳኪ ስርዓት ዕደጋ ክልልና ኣዋጅ ቁፅሪ255 /2007 ተፈፃሚ ይከዉን።

14 ሰዓራይ ኣካል ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዕዝያ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ዓዲ ጉዶም ንብረት ክፍሊ ከረክብ አለዎ እቲ ንበረት ብበዓል ኮያ ፅሬቱ ምስተረጋገፀ ናብ ንብረት ክፍሊ ኣታዊ ይከውን፡ እትመልእዎ ዋጋ ሰዓራይ ክሳብ ዝፍለጠ 40 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፀንሕ ከምዝክእል ብፊርማኩም ክተረጋጉፁ ትክእሉ።
15 ሳንዱቅ ጨረታ 13/05/2012 ዓም ሰዓት 3፡30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት ተጫረቲ ብዛይ ምርከቦም ከይዲ ጨረታ ኣይተኣጎልን።

16 ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፍ ኣብናይ መንግስቲ እግድ ዘይብሎም ይከውን።

17 እቲ ኮሌጅ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-370592 /0914-024310 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle